TIGRINYA

INQUEST

TRUTH, JUSTICE AND ACCOUNTABILITY

# ሓበረታ ንኣብ ግረንፈል ህንጻ ብዘጋጠመ ባርዕ ንዝተጎድኡ ስድራቤታት።

ኢንከስት፡ ንልዕሊ 35 ዓመታት ዘይንጹር ናይ ሞት ሓደጋ ንዘጋጠሞምን ምርመሩእን ፡ ንውልቀሰባትን ማሕበረሰባትን ናይ ሕጊ ሰባትን ገበርቲ ሰናይን ፡ነጻን ስቱርን ምኽሪ ክህብ ጸኒሑ ኢዩ። ካብ መንግስቲ ነጻ ኢና።በዚ ምኽንያት ኣብ ግረንፈል ንዘጋጠመ ሓደጋ ዝግበር መጽናዕቲታት ምኽሪ ንምሃብ ተኽእሎ ኣሎና።

እቲ ዝካየድ ሕጋዊ መስርሕ ሓቅን፣ ፍትሕን ከምዝነግስ ኣብ ልዕሊ ምርግጋጽና፡ ዝምልከቶም ወገናት ተሓተትቲ ከምዝኾኑ ክንከታተል ኢና።

ስለዚ ኣብዚ ጽሑፍ`ዚ ሓድሓደ ካብ ስድራቤታት ዝመጽእ ህጹጽ ሕቶታት መልሲ ንምሃብ ክፍተን ኢዩ። ብተወሳኺ መሰልኩም ንምሕላው ካብ ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ጠበቓታት ሕጋዊ ምኽሪ ብዝቀልጠፈ ክትሓቱ ንመክር። ንሕና`ውን ናይ ጠበቓታት ሓበረታ ክንህብ ስለንኽእል በዚ ዝስዕብ ርኸቡና፡

ስልኪ፡ **020 7263 1111**
**Email:** inquest@inquest.org.uk
**Web:** www.inquest.org.uk

ደዊልኩም መልሲ ምስዘይትረኽቡ፡ መልእኽቲ ግደፉ`ም መሊስና ክንድውል ኢና።

ንዝያዳ ሓበረታ ኣብዚ ኢንተርነት ኣቲኹም ርኸቡ፡ bit.ly/inquestHandbook

## ገበናዊ ምርመራ ክካየድ ዲዩ?

_ፖሊስ ብዛዕባ ዘጋጠመ ሓደጋ ገበናዊ ምርመራ ከፊቶም ኣለዉ። እዚ ድማ ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል። ድሕሪኡ ፖሊስ ጸብጻቦም ናብ ክራውን ፐርሰኩሽን ኣገልግሎት ዝበሃል የቕርቡ`ሞ ዝኽሰስ ውልቀሰብ ወይ ትካል እንተሎ ይውስኑ።

## ፖሊስ ጉዳይ ክሲ ሸለልትነት ክሪኡ ድዮም?

እቲ ዝካየድ ምርመራ ሸለልትነት`ውን ዘጣመረ ኢዩ ዝኸውን።እኹል ጭብጥታት ምስ ዝርከብ`ውን ናብ ቤት ፍርዲ ክቐርብ ክግበር ኢዩ። እኹል ጭብጢ ምስዘህሉ ድማ፡ ግዳያት እንደገና ክርኣየሎም መሰሎም ሕሉው ኢዩ።

## ንህዝቢ ክፉት ዝኾነ ምርመራ ክህሉ ዲዩ?

መንግስቲ ምሉእ ክፉት ምርመራ ከምዝህሉ ኣዊጁ ኣሎ። ግዳያት ሓደጋን ዝተረፉን ሕጋዊ ውክልና ንኽህልዎም ገንዘብ ክፍቀድ ኢዩ። መልክዕ ኣካይዳ ምርመራ ከምይ ከምዝኸውን ሓሳብ ክህቡ ይኽእሉ።

እቲ ምርመራ ኣብ ማሕላ ተመርኪሱ ጭብጥታት ክእከብ ኢዩ። ተኻፈልቲ ድማ ክሓቱ ክኽእሉ እዮም። ኣፈናዊ ጸብጻብ ቀሪቡ ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ጸገም ዘለዎም ህንጻታት ዝነብሩ ሰባት ንምክልኻል ሓጋዚ ይኸውን።

ክካፈሉ ዝደልዩ ክሓቱ ኣለዎም። እዚኦም እቲ ጉዳይ ብቀጥታ ዝምልከቶምን ረብሓ ዘለዎምን ይኾኑ።

እዞም ፍሉያት ተኻፈልቲ፡ ንመሰኻኽር ዝኾነ ሕቶ ክሓቱ፡መእተውን መዕጸውን ርእይቶ ክህቡ፡ቅዳሕ ሪፖርት ክሓቱ ይኽእሉ።

## እቲ መርመራ ነጻ ድዩ?

ተሰፋና ድልየት ግዳያትን ተረፍትን ንኽከውን እዩ። ብእዋኑ ሕጋዊ ውክልና ምግባር ድምጽኻ ንኽስማዕ ዝያዳ ዕድል ይርከብ። ንዝያዳ ሓበረታ ኣብቲ ወብሳይትና ተውከሱ፡ bit.ly/Grenfellinquiry

## ኢንከስት(መርመራ) እንታይ ማለት እዩ?

ኢንከስት ማለት ሓደ ሰብ መንነቱን ኣበይ ከምዝነበረን መኣስን ብኸመይን ከምዝሞተ ዘረጋግጽ እዩ። ሕጋዊ መስርሕ ኮይኑ ብኮሮነር ወይ ብጁሪ ዝምራሕ ይኸውን።

ኣብ`ዚ ጉዳይ`ዚ ኮሮነር ዝኸውን senior coroner Dr. Fiona Wilcox እያ። እዛ ሰብ እዚኣ ተመሳሳሊ ሓደጋ ብከመይ ንከላኸልን ኣድላዪ ለውጢታትን ሓሳብ ክትህብ ትኽእል። እቲ ጉዳይ ኣብ ክፉት ቤት ፍርዲ እናተኻየደ ስድራቤታት ውን ክውከሉ ይኽእሉ።

## መኣስ እዩ እዚ ኢንከስት ዝትግበር?

ሓደ ሰብ ሬስኡ ምስተረኽበን መንነቱ ምስተረጋገጸን መርመራ ይጅመር። መጀመሪያ ብሕጽር ዝበለ፡ ስም መዋቲ፡ዕድመ፡ ሓጺር ጸብጻብ ህይውት፡ ኣፈናዊ ምኽንያት ኣማውታ ኣብቲ ክፉት ቤት ፍርዲ ይንበብ። ካብ ሓደ ንላዕሊ መርመራ ኣብ ሓደ ጊዜ ክካየድ ይከኣል።

ገበናዊ መርመራ ምስ ተዛዘመ ኣድላይነት ምቕጻል ኢንከስት ብኮሮነር ይውሰን።

**<u>ዝጠፍአ ሰብ ብኸመይ ይሕብር?</u>**

_ብኣካል ንፖሊስ ኣብ ወስትወይ ስፖርት ሰንተር ወይ ድማ ብተለፎን፡ 08000961233.

ቅድሚ ሕጂ ኣመልኪትካ ሰብካ ምስተረኸበ ንፖሊስ ምሕባር ኣድላዪ እዩ።

እቲ ኮሮነር ናይ ኩሎም ኣብ ግረንፈል ዝሞቱ ጸብጻብ ይወሃቦ። መንነት መዋቲ ምስተረጋገጸ ፖሊስ ንቀረባ ዘመድ ይሕብሩ። እንተዘይተሓቢርኩም ወይ ሰብ ኣይተረኸበን ወይ ድማ መንነት ምርግጋጽ ኣይተኻእለን ማለት እዩ። እዚ ነገር`ዚ ንቤተሰብ መዓልታዊ ኣሻቓሊ ምኻኑ ይርድኣና ኢዩ። ትካልና ምስ ኮሮነር ይኹን ምስ ፖሊስ ርክብ ስለዘለና ክንተሓባበር ድሉዋት ኢና።

**<u>ሓላፍነት ረሳ ቤተሰበይ መንዩ ዝወስድ?</u>**

ዝተፈላለየ መርመራታት እናተኻየደ እንከሎ ረሳ ኣብ ቁጽጽር ኮሮነር ኮይኑ፡ ንቀብሪ ውን ብዘይ ፍቓዳ ረሳ ኣይውሰድን።ብዛዕባ ረሳ ምውሳድ ይኹን እማውታ ምፍላጥ ዝምልከት ኣብ ቤት/ጽ ኮሮነር በዚ ይሕተት፡ 0207 802 4750. ንጊዜኡ ግን ናብ ፖሊስ ምሕታት ኣለኩም።

**<u>ኣማውታ ንምፍላጥ ዝግበር ስራሓት ጠጠው ከብሎ ይኽእል`ዶ?</u>**

ኣማውታ ንምፍላጥ ብህጹጽ ስለዝካየድ፡እንተዘይደሊኹሞ ቀልጢፍኩም ንኮሮነር ኣፍልጡ። መርመራ ረሳ ኣየድልን ምስ ዝብል ኮፕሮነር ረሳ ምውሳድ ይከኣል።

**<u>ረሳ ክርእዮ ይኽእል ድየ?</u>**

ብሓፈሽኡ ብቤት/ጽ ኮሮነር ገርካ ይከኣል እዩ። ሰውነት ረሳ ኣጸቢቑ ዝተጻያየቐ እንተ ኮይኑ፡ ቤተሰብ ክርእይዎ ኣይተባብዑን ወይ ከኣ ብውሱን ቦታ ብደገ ክርአ ይፍቀድ። እዚ ውሳነ ናይቲ ቤተሰብ ይኸውን። ከይንርኢ ተኸልኪልና ዝብል ስምዒት ምስ ዝህሉ ግን ሕጋዊ ምኽሪ ምሕታት።

**<u>መንዩ ረሳ ከለሊ ዝፍቀደሉ?</u>**

ቤተሰብ ወይ ቀረባ ዓርኪ ረሳ ብምርኣይ ከለልዩ ይከኣል። እዚ እንተዘተኻእለ ካልእ ኣማራጺታት፡ ፊንገርፕሪንት፡ናይ ሲኒ መዝገብ ወይ ዲኣንአ ክጥቀም ይከኣል።

እቲ ኮሮነር ኣብ ሞት ዘድሃበ ባህላውን ሃይማኖታውን እምነት ሰባት ኣብ ግምት ከእቱ ዲዩ?

ነዚ ዝምልከት ቤተሰብ ንኮሮነር ክፍልጡ ይግባእ።

**<u>ናይ ቀብሪ ስነስርዓት መኣስ ከዳሉ ይኽእል?</u>** ንቅድም ኮሮነር ረሳ ከፍቅድ ኣለዎ። ክሳብ ሽዑ ግን ምቅርራብ ክግበር ይከኣል። ኩሉ ወጻኢታትን ቅብሊትን ምሓዝ ኣድላዪ ይኸውን።

ብዛዕባ ቀብሪ ምድላው ሓበረታ ኣብዚ ርአ፡ https://www.gov.uk/after-a-death/arrange-the-funeral

**<u>ናይ ሞት ሰርቲፊከት የድልየኒ ድዩ?</u>** ናይ ሞት ሰርቲፊከት ሕጋዊ ሰነድ ኮይኑ ናብ መዝገብ ሞትን ውላድን ቦታ ምስ ዝርዝር ዝሞተ ሰብናማውታን ይለኣኽ። ግን ጊዚያዊ ሰርቲፊከት ኮሮነር ክህብ ይኽእል። ኣድላይነት ጊዜያዊ ሰሪቲፊከት ን ባንክን ካልእ ትካላትን ንምሕባር ይሕግዝ።

**<u>ብዛዕባ ገዛን ካልእ ሓገዝን ንቤተሰብ እንታይ ይሕሰብ?</u>** ብዙሓት ክሕግዙ ዝደልዩ ትካላት ከምዘለዉ ይእመን። ሰሜን ከንሲንግተን ናይ ሕጊ ማእከል ነዚ ሓገዛት ብምኽትታል ንገዛ ዝምልከት፡ኢሚግረሽን፡ ገንዘባዊ ሓገዛት፡ ካልእ ህጹጽ ገንዘባዊ ሓገዝ ንቤተሰብ ምኽሪ ኣብ ምልጋስ ይጽዕር ኣሎ። ነዚ ብዝምልከት ኣብዚ ተወከሱ፥ North Kensington Law Centre: Unit 15, Baseline Studios, Whitchurch Rd, London W11 4AT. Call 02089697473 or see www.nklc.co.uk

**<u>ካብዚ ቀጺሉ`ኸ እንታይ ክኸውን እዩ?</u>** እቲ ክፉት መርመራን ገበናዊ መጽናዕትን ንክድምደም ጊዜ ክወስድ ኢዩ። እዚ መስርሕ`ዚ ቅሳነት ዘይህብ ስለዝኾነ ንሕና ኣድላዪ ምኽርን ሓገዝን ክንህብ ቅሩባት ኢና፣

**ስሉጥ ምኽርን ሕጋዊ ውክልና ንምርካብን ኣብዚ ርኸቡና፥ ኢንከሰት-02072631111**